Hessisches Ministerium
für Soziales und Integration

HESSEN

ዕለት: 29.ሚያዝያ 2020

**ሓበሬታታት ካብ ናይ ሄሰን ሚኒስተሪ ንጉዳያት ሕብረተሰብኣዊን፣ ተሳታፍነት ኣብ ማሕበራዊ ናብራን ብዛዕባ ኮሮናቫይረስ**

ኣብዝስዕብ ሓደሓደ ሓበሬታትን ምንጭታት ናይ ሓበሬታ ማዕከናትን፣ ሰፊሕ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ዘጠቃልለን ዝሓዘን ካባና ክትረኽቡ ትኽእሉ።
ኣብ መጨረሻ 2019 ዓ.ም ናይ ዓለም ውድብ ጥዕና (WHO) ብዝሃቦ ሓቤርታ መሰረት ኣብ ቻይና ዉሃን ዝተባህለ ከተማ (China) ብብዝሒ ኣመጻጽኣኡ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ናይ ሳንቡእ ሕማማት ክርአ ጀሚሩ። ድሕሪ ቁርብ መዓልቲታት እቲ ምኽንያት መበገሲኡ ሓዲሽ ዓይነት ቫይረስ ምኻኑ ድማ ተነጺሩ። እዚ ሳርስ-ኮቭ-19 (SARS-CoV-2) ዝብል መጸውዒ ሒዙ ይርከብ። በዚ ቫይረስዚ ዝተበገሰ ሕማም ኮቪድ-19 (COVID-19) ትባሂሉ ይጽዋዕ ኣብዚ ግዜዚ ካኣ ኣብ ሙሉእ ዓለም የስፋሕፍሕ ኣሎ።

<u>ኣብዘን ዝስዕባ ገጻት ክትርኽብዎ ትኽእሉ ሓበሬታት:</u>

1. ሓፈሻዊ ሓበሬታት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ
2. እንታይ ዓይነት ጥንቃቐ ክገብር ይኽእል ባዕለይ፣ መታን ጥዑይ ኮይነ ክርከብ? ከመይ ይገብር ኣብ ግዜ ምልክታት ናይዚ ሕማም ኣብ ነብሰይ ዝስማዓኒ?
3. ሓበሬታታት ብዛዕባ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ወይ ማስክ ኣብ ሄሰን
4. ሓበሬታታት ብዛዕባ ክሕሎ ዘሎዎ ምርሕሓቓብ መንጎ ሰባት ኣብ ሄሰን
5. ሓበሬታታት ንካብ ወጻኢ ሃገር ዝተምልሱን ከምኡውን ዝገሹን ኣብ ሄሰን
6. ሓበሬታታት ብዛዕባ ንኽሰግዱን ከቐድሱን ዝኸዱን ሓዘንተን ኣብ ሄሰን
7. ሓበሬታታት ብዛዕባ ምስናይ ኣባልት ብስድራቤት ኣብ ግዜ ሕርሲን ናይ ሞት እዋንን ኣብ ሄሰን
8. ሓበሬታታት ብዛዕባ ምእላይ ቆልዑ ኣብ ሄሰን

## 1.ሓፈሻዊ ሓበሬታታት

**ኣብዚ እዋን ኩነታት ከመይ ኣሎ?**

ሮበርት-ኮኽ-ኢንስቲቱት (RKI) ትካል ምክትታል ለበዳ ሕማም በብግዜኡ እዚ ሓዱሽ ቫይረስ ኣብ ናይ ህዝቢ ጥዕና እንታይ ትርጉምን ሳዕቤንን ከምዘልዎ ሚዛኑ ይህብ። እዋናዊ ሚዛን ናይ ሓደገኛነቱ ኣብዚ ዝስዕብ ዕላዊ መግለጺታት ናይ ለበዳ ሕማም ምክትታል ትካል RKI ይዝርግሕ
https://www.rki.de/DE/Content/InfAZ/N/Neuartiges_Coronavirus/Risikobewertung.html;jsessionid=9766CE9E961256ECB36D5D17A325E8F4.internet062.

**ንሄሰን ብዝምልከት ምንግስቲ ክፍላተሃገር ሄሰን ውሳኔ የሕልፍ:** መታን ምልባዕ ኮሮና ቫይረስ ብዉሑድ ብዘገምታ ንክኸይድን ንሰባት ሓደጋ ንኸይከውንን፣ ውልቃዊ ርክባት - ኣብ ዕላዊ ህዝባዊ ርክባት ከምኡ ድማ ውልቃዊ - ብዝተኻእለ መጠን ምንካይ ኣድላዪ ኮይኑ ይርከብ። ተወሳኺ ሓበሬታታት ኣብ ሓበሬታታት ብዛዕባ ናይ ኣፍን ኣንፍንጫን ምሽፋን ግዴታን ርሕቀት ምሕላውን ኣብዚ ዝስዕብ ናይዚ ጹሑፍ ገጻት ይርከብ።

**ተወሳኺ ሓፈሻዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ሄሰን ኣበይ ክረክብ ይኽእል?**

እዋናዊ ሕበሬታታት ኣብ መርበብ ገጽ ናይ ሄሰን ሚኒስተሪ ንጉዳያት ሕብረተሰብኣዊን፣ ተሳታፍነት ኣብ ማሕበራዊ ናብራን ኣብ ትሕቲዚ ዝስዕብ መላግብ መርበብ ክትረኽብዎ ይካኣል: www.hessenlink.de/2019ncov.

ናይ ሄሰን ሚኒስተሪ ንጉዳያት ሕብረተሰብኣዊን፣ ተሳታፍነት ኣብ ማሕበራዊ ናብራን ክፍላተ ሃገር ሄሰንን ብነጻ ዋጋ ናይ ሓቤረታትት ዉዑይ መስመር ንነበርቲ ሄሰን ኣስናዲዮም ይርከቡ።

- <u>ሕክምናዊ ወይ ሕቶታት ጥዕና ኣብ ኮሮና ቫይረስ ዝምልከት</u>
  ናይ ኮሮና ወዑይ መስመር: 0800 555 4 666
  ክትረኽቡና ትኽእሉሉ ግዜ: መዓልታዊ ካብ 8 ክሳብ ሰዓት 8 ናይ ምሸት

- <u>ሕቶታት ንውሳኔታት ክፍላተ ሃገር ጀርመን ዝምልከት</u>
  <u>ቴለፎን ንነባሮ:</u> 0611-32 111 000
  ክትረኽቡና ትኽእሉሉ ግዜ: ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ካብ ሰዓት 8 ክሳብ ሰዓት 5 ናይ ምሸት
  ዓርቢ ካብ ሰዓት 8 ክሳብ ሰዓት 3 ናይ ምሸት
  ኢ-መይል: buergertelefon@stk.hessen.de

ምስዚ ሕቶታት ኣብ ዝህሉወሉ ነባሮ ንዝዉክሎም ናይ ጥዕና ተወካሊ ቤትጽሕፈት ውን ክውከሱ ይከኣል። መራኸቢ መስመራት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ክርከብ ይከኣል: https://tools.rki.de/PLZTool/.

**2.ጥዑይ ኮይነ ንኽርከብ ኢንታይ ኣሎ ኣቀዲመ ብውልቂ ክገብሮ ዝኽእል ጥንቃቀ?**
ከም ናይ ምክልኻል ስጉምቲ - ዋላ ውን ንብርትዕ ሰዓል - ኩሎም ነበርቲ ናይ ግድን ይግደዱ፣ ነዘን ዝስዕባ ናይ ጽሬት ቅጥዕታት ክሕልዉ.

- ብተደጋጋሚን ኣጸቢቕካ ይእዳው ምሕጻብን (እዚ ካኣ ዋላ ንቐሉዑን መናእሰይን ይምልከት)
- ምስዓልን ሕንጥሸው ምባልን ጥራሕ ኣብ ናይ ወረቐት ናይ ጁባ መንዲል ወይ ኣብ ዝተዓጽፈ ኩርናዕ ኢድ (እዚ ካኣ ዋላ ንቐሉዑን መናእሰይን ይምልከት)
- ናይ ወረቐት ናይ ጁባ መንዲል ንሓደ ግዜ ጥራሕ ዘገልግል ምጥቃምን ነዚ ድሕሪ ምጥቃም ኣብ ዝበቅዕ መጉሓፊ ምድርባይ
- ብኢድ ሰላም ዘይምብህሃል፣ ከምኡ ውን ዘይምትሑቛቛፍ / ብሙዕጉርቲ ዘይምስዕዓም
- ኢድ ኣብ ኣፍንጫን፣ ኣፍን ዓይኒን ዘይምቕራብ (ካብ ኩሉ ብበዙሓት ሰባት ዝተተንከፈ ናይ ኣውቶቡስ ዓንዲታትን መኽፈቲ ማዕጾታትን፣ ብበዙሓት ሰባት ዝተተንከፈ ዘይምሓዝ፣ ዋላውን ኣብ ገዛ)
- ስማርትፎን፣ ሞባይልን፣ ታብሌትን ወዘተ...ብቐጻሊ ምጽራይን / ካብ ሕማም ዘስዕቡ ደቀቕቲ ህዋሳት ምምካንን
- ብመሰረቱ ናይ ገዛእ ርእስኻ መብልዒን መስተዩ ጥርሙዝን ምጥቃም
- ብቐጻሊ ምስ እኩባት ሰባት ምጽንባር ምውጋድ።

**ኣብ ናይ ሕማም ምልክታት ኣብ ኣካላተይ ዝስምዓኒ ግዜ እንታይ ክገብር ይኽእል?**
ነበርቲ ናይ ሕማም ምልክታት ከም ሰዓል፣ ረስኒ ወይ ውን ናይ ምስትንፋስ ሕጽረት ምስዘጋጥሞም ወይ ኣብ ነብሶም ምስዝግንዘቡ፣ ክገብርዎ ዘለዎም:

- ተሌፎን ቁጽሪ 116 -117 ምድዋል (ተሌፎን ቁጽሪ ናይ ንምእላይ ቁሩባት ኮይኖም ዝጸንሑ ሓካይም)
- ብቴለፎን ናብ ክባቢን ብቐርባን ዝርከብ ናይ ጥዕና ጉዳያት ቤትጽሕፈት (ጌዙንድሃይትስኣምት) ምርኻብ
- ብቴለፎን ምስ ናይ ገዛ ሓኪም ምርኻብ

እዚኦም ነቲ ጉዳይ ጥዕናኡ ዝሕብርን ዝሓትትን ዘሎ ወይ ዘላ ሰብ መብሪሂታት ይህቡ፣ እቲ ምናልባትነት ናይዚ ሓዲሽ ኮሮና ቫይረስ መልከፍቲ ኣንተዳኣ ሃልዩን እቲ ጥርጠራ ብቑዕ ምኽኒያት ምስዝርከቦን እቲ ሰብ ንሕክምናዊ መርመራን ሕክምናዊ ኽንክንን ዝግበረሉ ቦታ ይምሓላለፍ።

ንቐረባ ሓብሬታ ብኻልእ ቋንቋታት ውን ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ክርከብ ይካኣል
https://www.bundesgesundheitsministerium.de/coronavirus.html

ኣብዚ እዋን ብዙሕ ጌጋ ሓበሬታታት ኣብ ሶሻልሜዲያ ወይ ሓባራዊ ናይ ኢንተርኔት መራኸቢታት ተዘርጊሑ ይርከብ። ስለዝኾነ ብኽብሪ ንምሕጸነኩም ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዋሂቡ ዘሎ ምንጪ ሓበሬታታት ክትጥቀሙ

## 3. ሓበሬታታት ብዛዕባ ናይ ኣፍንጫን ኣፍን ወይ ማስክ ኣብ ሄሰን

ካብ ዕለት 27. ሚያዝያ 2020 ጀሚሩ ኩሎም ኣብ ሄሰን ዝነብሩን ዝነብራን ናይ ኣፍንጫን-ኣፍን መሸፈኒ ክገብሩ ይግባእ፣ እንተዳኣ ህዝባዊ መጓዕዚያ ተሸከርከርቲ ክጥቀሙ ኮይኖም ወይ ውን ድኳናት፣ ሰሙናዊ ዕዳጋ ከም ዕዳጋ ቀዳም መሳሊ፣ ትካላት ባንኪን ቡስጣ-ቤትን ወዘተ…ምስዝኣትዉ። እዚ ንኹሎም ካብ ሽዱሽተ ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ ዕድሜኦም ይምልከትን ግዴታውን ኮይኑ ይርከብን።

Was ist ein Mund-Nasen-Schutz?

**መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን እንታይዩ?**

ከም ናይ ኣፍንጫን-ኣፍን መሸፈኒ ዝቑጸር ወይ ዘገልግል ዝኾነ ኣገባብብ ኣሰራርሓኡ እንታይ ምልክት ኣለዎ ወይ ድረጃ ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ዝተመስከረሉ ምኳኑ ብዘይገድስ፣ ዝርጋሔ ናይ ንካብ ኣፍን ኣፍንጫን ዝወጽእ ነጠብጣብ ወይ ካብ ምስዓል ዝዝርጋሕ ምስ ንፋስ ዝሕወስ ነጠብጣብ፣ ብሕንጥሸው ምባል ወይ ምዝራብ ዝዝርጋሕ ነጠብጣብ ንሙግዳልዩ። ምስቲ ባዕልኻ ውን ክሰፊ ዝከኣል ማዓልታዊ ናይ ኣፍንጫን ኣፍን መሸፈኒ ሻርባን ምኅልበቢ ሻሽን ውን ከም ምሸፈኒ ክቑጸር ይኽእል

ንሕክምናዊ ናይ ሞያ ስራሓት ዘገልግሉ ምሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ወይ ማስክ ሓካይም ጥራይ ክጥቀሙሉን ክግልገሉሉን ይግባእ።

**ካብ ሓድሕድ ርሕቀት ምሕላው ብቐጻሊ ብጣዕሚ ኣድላዪ ኮይኑ ይርከብ**

ምሕጻር ናይ ርክባት ኣብ መንጎ ሰባትን ኣብ ሓድሕድ ርሕቀት ናይ ምሕላው ቅጥዕታትን ምስ ምጥቃም ናይ መዓልታዊ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ኣድላይነቱ ኣይሕጸርን።

**ፍሉይ ወይ ውጽእ ዝበለ ኩነት**

ግዴታ፣ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ምጥቃም፣ ንቖልዑ ትሕቲ ሽዱሽተ ዓመት፣ ወይ ሰባት ብምኽኒያት ጉድለት ጥዕና ወይ ድማ ኣካለ ጎደሎነት ናይ ኣፍንጫን ኣፍን መሸፈኒ ክገብሩ ምስዘይክእሉ እዚ ግዴታ ንዓያም ኣይምልከትን።

**መቕጻዕቲ**

ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ዘይምጥቃም ናይ ቅጥዒ ምጥሓስ የኸትል። ነበርቲ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ምስዘይጥቀሙ ወይ ንኽጥቀሙ ምስተሓተቱ ኣብግብሪ ምስዘይትርጉምዎ፣ ንኻላኣይ ግዜ ምጥሓስ ናይዚ ቅጥዒ ናይ 50 ዩሮ መቕጻዕቲ ይኸትል።

## 4.ሓበሬታታት ብዛዕባ ዝተወሰነ ርሕቀት ካብ ሓድሕድ ምሕላው

ኣብ ዕላዊ ሓባርዊ ቦታታት ኣብእትርከቡሉ እዋን በይንኹም ጥራይ፣ ምስ ኣባላት ቤተ ሰብ፣ ምስ መናብርቲ ዝኾኑ ሰባት ወይ ብሓንሳብ ምስ ሓደ ሰብ፣ ናይ ገዛ መናብርቲ ዘይኮነ ክትራኸቡ ይፍቀድ። ምስ ሰባት ኣብእትራኸቡሉ እዋን ብዉሑድ ናይ 1,5 ሜትሮ ዝግመት ራሕቂ ክትሕልዉ ይግባእ። ኣብ ዕላዊ ናይ ሓባር ህዝባዊ መጋባኣያ ዝርአ ኣካይዳ፣ ነዚ ቅጥዒዚ ንምጥሓስ ዕድል ዝህብ፣ ከም ብሓባር ምጽንባል ወይ ምብዓል፣ ሓቢርካ ኣብ ደገ ዝብላዕ ምጥባስ ወይ ግሪል ምግባር ሓቢርካ ኣብ በረኻ ምዝናይ ወይ ፒክኒክ ምግባር፣ ቁጽሪ ሰባት ብዘይየገድስ ኩልኩል ኮይኑ ይርከብ

ፍሉይ ሓድግታት ክግበረሉ ዝኽእል:

- ኣብ ዕላዊ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ፣
- ኣብ ትሕቲ ዕድመ እነሰንየሉን ናይ ምእላይ ሓላፍነት ተስኪምና ኣብ ዘለናሉ ግዜን ወይውን ደገፍ ዘድልዮም ሰባት ምስዝህልዉን፣
- ንሕጋዊ ተቐባልነት ዝግበር ምቁጽጻር፣ ብፍላይ መንግስታዊ ምቁጽጻር መኸየዲ መስመር ምቛጽጻርን፣
- ንደም ምልጋስ ወይ ምውፋይ
- ናይ ሰባት ርክብ፣ ብምኽንያት ናይ ንግዲ ስምምዓት፣ ሞያዊ ጉዳያት፣ ብስራሕ ምኽንያት ወይ ናይ ምእላይ ሓላፍነት ምኽንያት ብቐጥታ ናይ ብሓባር ምስራሕ ግዴታ ምስዝህሉ፣
- ንኣኼባታትን ናይ ቤትፍርዲ ጉዳያት ኣብዝካየደሉን ዝሰላሰለሉን፣
- ከም ኣድላይነቱ ብፍሉይ ፍቓድ ናይ መንግስታዊ ቤት-ጽሕፈት ንሓዘን ወይ ቀብሪ።

## 5. ሓበሬታታት ንካብ መገሻ ዝተምልሱን ከምኡውን ዝገሹን

**ካብ መገሻ ዝምለሱ ወይ ዝገሹ: ካብ መገሻ ኣብ ትምለሱሉ ግዜ ናኣብነት ዕረፍቲ ካብ ምንታይ ክትጥንቀቑ ወይ እንታይ ኣብ ግምት ከተእትዉ ይግባእ?**

መታን ሓዲሽ መልከፍቲ ናይ ሕማም ብሰንኪ ንመገሻ ምኻድን ካብ መገሻ ምምላስን ከይርከብ፣ ካብ ዕለት 10. ሚይዝያ 2020 ኣትሒዙ ንኹሎም ካብ መገሻ ዝምለሱ ሓደ ኣጠቓላሊ ናይ 14 መዓልቲ ኣብ ገዛ ምሕያብ ተወሲኑ ኣሎ። እዚ ውሳኔ ፣ እቶም ካብ መገሻ ካብ ወጻኢ ሃገር ንሄሰን ዝምለሱ፣ ኣብ ዝተመልሱሉ እዋን ብዘይምዱንጓይ ምስ ናይ ዝነብሩሉ ቦታ ሕክምናዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ወይ ጌዙንድሃይትሳምት ርክብ ክገብሩ የገድዶምን ከም ዝተመልሱ ሓቤረታ ክህቡ ይደልዮም። ካብዚ ሓሊፋ ግዴታ ይህልዎም፣ ብዘይ ምድኑጓይ ብኣተርጉማ ናይ ሮበርት-ኮኽ-ኢንስቲቱት፣ ምልክታት ሕማም ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) ምስዘጋጥሞም ምስ ዝምልከቶ ሕክምናዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ወይ ጌዙንድሃይትሳምት ርክብ ክገብሩ።
ንዝተወሰኑ ሰባትን ናይ ሞያ ጉጅለታትን ካብዚ ውጽእ ዝበለ ሓድግታት ክህሉ ይኽእል። ብፍላይ ነቶም ንህዝቢ ቀረብ ዘመላልሱ፣ ኣብ ጥዕናዊ ጉዳያት ሰባት ዘመላልሱን ኣብ ግዜ ሓደጋ ፍሉይ ዕማምን ኣገልግሎት ዝህቡን፣ ናኣብነት ከም ፖሊስ። ምስዚ ውን ንእግረ መንግዶም ብሄሰን ዝሓልፉ ወይ ንሓጺር ግዜ ኣብ ሄሰን ወይ ወጻኢ ሃበር ዝጸንሑ። ግዝያዊ ሰራሕተኛታት ካብ ናይ ውሸባ ቅጥዕታት ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ቅድመ ኩነት ነጻ ይኾኑ።

<u>6. ሓበሬታታት ብዛዕባ ንኸሰግዱን ከቐድሱ ዝኸዱን ሓዘንቲን</u>

ምሕላው ናይ ርሕቀትን ጽሬትን ቅጥዕታት ተኽእሎ ይህብ፣ ንቕዳሴን ስግደትን ሃይማኖታዊ ምትእኽኻብን ከምብሓድሽ ክካየድ ንምግባር። ዋላውን ከምቲ ልሙድ ክካየድ ኣንተዘይካኣለ፣ ምእመናን ብሓባር እምነቶም ከተግብሩን ክቐርቡን ክሰግዱን ብሓንሳብ ክመጹን ክተኣኣኻኸቡን ይኽእሉ። ካብ ዕለት 4. ግንቦት 2020 ጀሚሩ ናይ ኣምላኽ ኣገልግሎትን ሃይማኖታዊ ምትእኽካብን ዝካኣል ኮይኑ ክርከብዩ፣ እንተዳኣ:

- ብወሑድ ናይ 1.5 ሜትሮ ርሕቀት ኣብ ሞንጎ ሰባት እንተ ተሓልዩ። (ካብ ናይ ብዝወሓደ ርሕቀት ምሕላው ነጻ ኮይኖም ዝርከቡ ሰባት፣ ብሓደ ዝነብሩ ሰባት ጥራይ ወይ መናብርቲ ገዛ ኢዮም።)
- ነገራት፣ ከም ናኣብነት ናይ ትኽኣቦ ቁርባበሻ ወይ ንእሽቶ ዘንቢል ንህያብ፣ ዘይምቅብባልን ብቐጻሊ ዘይምምሕልላፍን።
- ብቑዕ ናይ ጽሬት ስጉምቲታት ከም ጸረ-ሕማም ዘስዕቡ ደቀቕቲ ህዋሳት ፈሳሲ ከም ኣልኮሆል መሳሊ ንበጻሕቲ ክቐረብ ክካኣል ኣሎዎ።
- ምስዚ ምእመናን ኣድላዪ ናይ ርሕቀትን ጽሬትን ስጉምትታት ብዝግባኣ ኣብ መእከቢ ቦታ ጽቡቕ ከም ዝረአ ጌሮም ከመልክቱን ክሰቕሉን ይግባእ።

ከምኡውን ኣብ ናይ ሓዘንን ቀብሪን ኩነታት ምትእኽኻብ ዝካኣል ኮይኑ ክርከብዩ። ቅድመ ኩነት ናይዚ ግን ምሕላው ቅጥዕታት ከምቲ ኣብ ግዜ ኣገልግሎት ናይ እግዚኣብሄር ዝትግበር ኣብ ላዕሊ ተተቒሱ ዘሎዩ።

<u>7.ሓበሬታታት ብዛዕባ ምስናይ ብኣባልት ስድራቤት ኣብ ግዜ ሕርሲን ናይ ሞት እዋንን</u>

ካብ ቀዳም፣ 28. መጋቢት 2020 ኣብ ፍሉይ ኩነት ምብጻሕ ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራቤት ካብቲ ዝጸንሕ ወጽእ ብዝበለ ኣገባብ ካብቲ ክሳብ ሕጂ ዘገልግል ዘሎ ቅጥዕታት ናይ ምብጻሕ ፉቑድ ክኸውንዩ። ትካላት ከም ናኣብነት ሕክምናታት፣ ክሳብ ቶም ኣለይቲ ሓካይም ነዚ ብግረ-ገባዊን ማሕበራዊን ምኽኒያታት ተሞርኩሶም ክኸውን ኣሎዎ ኢሎም ዝኣመኑሉ፣ ምስናይ ናይ ኣባል ስድራቤት  ብፍላይ ኣብ ግዜ ሕርሲን ጻዕረሞትን ከምዝካኣል ክገብሩ ይኽእሉ።

ናይ ምስትንፋስ ሻንበቆ ናይ ሕማም መልከፍቲ ብደቀቕቲ ህዋሳት ዘሎዎም ሰባት ካብዚ ፍሉይ ፍቓድ ይሕጸሩ ወይ ዉጉዳት ይኾኑ።

ኣብዚ ብዛዕባ ፍሉይ ቕጥዕታት ካብ እቲ „ካላኣይ ናይ ቅጥዒ ውሳኔ ኮሮና-ቫይረስ ንምቅላስ“ ኢዩ ዘመልክት።

<u>8. ሓበሬታታት ብዛዕባ ምእላይ ቆልዑ:</u>

ምልባዕ ናይ ኮሮና-ቫይረስ ዋላ ኣብ ሄሰን ውን ዘገም ኢሉ ንክኸይድ ትኻኢሉ ኣሎ። ኢቲ ዕላማ ብቐጻሊ፣ ንኹሎም ሰባት፣ ብዝያዳ ኣረጋውያንን ሕዱር ሕማም ዘጸንሖም ሰባት ብዝተኻእለ ብሉጽ ዓቕሚ መጠን ካብ ሕማም ምክልኻልዩ። ስለዚ እቲ ናይ ሕማማም ምልባዕ ሰንሰለት ንከይህሉ ብዝተኻእለ መጠን ክንከላኸል ይግባእ። እቲ ኣዚዩ እድማዒ ስጉምቲ፣ ኣብዚ ንኽብጻሕ፣ ውልቃዊ ምርኻባት ምጉዳል ወይ ምቕናስዩ። ኩሉ ብቐጻሊ ዝግበር ዘሎ ገደባት ነዚ መምርሒታትዚ ይኸተል። ካብዚ ብምብጋስ መዋእለ ህጻናት ወይ ናይ ቆልዑ ክንክን ዝግበረሉን ክሳብ ዕለት 10. ግንቦት 2020 ብቐጻሊ ዑጹው ኮይኑ ይርከብ። እቲ ክንክን ወይ ግዴታዊ ምእላይ ቆልዑ ክቕጽል ኣብርእሲ ምኳኑ ብተወሰኺ ከምተደላይነቱ ክሰፍሕዩ። እቶም ዝእለዩ ክፋል ቆልዑ ብምኽኒያት ምክልኻል ተመሓላላፊ ሕማም ብዝተኻእለ መጠን ውሑዳት ክኾኑ ይግባእ፣ ኣንተዘይኮይኑ እቲ ዝውሰድ ስጉምቲ ኣድማዕነቱ ከጥፍእዩ።

**ዉሉደይ ክሳብ ምዓስዩ ንመዋእለ ህጻናት ክኸይድ ዘይክእል?**

ንግዜኡ ክሳብ ዕለት 10. ግንቦት

**ውሉደይ ብቐጻሊ ብናይ መዓልቲ ኣላይት ኣደ ክእለ ይኽእል ድዩ?**

ኣይፋልን፣ ኢቲ ናይ ቅጥዒታት ውሳኔ ንናይ መዓልታዊ መእለዩ ቆልዑ ውን ዝምልከትዩ። ስድራቤት ናይ ቆልዑ ነቲ ምኽልካል ናይ ምእላይ ኣብ መዋእለ ህጻናትን መዓልታዊ ክንክን ዝግበረሉ ቦታን ንኽትግበር ሓላፍነት ይስከሙ።

**ኣብዚ ፍሉይነት ናይ ኩነት ኣሎዶ?**

እወ፣ ናይ ቆልዑ ግዴታዊ መእለዩ ንወሱናት ሰብ ሞያን ክፍላተ ሰባትን ኣሎ። እቲ ቅድመኩነት ናይ ቆልዑ ግዴታዊ መእለዩ፣ እቲ በዓል ሞያ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎን / ኣብ ስራሕ ተጸሚዶም ዝርከቡ ሓላፍነት ናይ ምዕባይ ቆልዓ ዝተስከሙን ካብዞም ዝስዕቡ ምስዝኾኑ

1. ኣባልት ናይ ፖሊስ ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርቲ፣ ኣገልገልቲ ናይ ክፍላተ ሃገር ምምሕዳር ፖሊስ ኣብ ናይ ማእሰርቲ ኣገልግሎት ዝርከቡ

2. ኣባልት ናይ ሓዊ መጥፋኢቲ (ዕላውያንን ወለንታውይንን)፣ ናይ ትካል መጥፋእቲ ሓዊ

3. ሰራሕተኛታት መንግስቲ ናይ ህዝባዊ ጥዕና ኣገልገልቲ

4. ፈረድቲ ከምኡውን መንግስታዊ ኣኽበርቲ ሕግን ናይ ቤትፍርዲን / ሕጊን ጠበቓታትን፣

5. ሰራሕተአኛታት ፍትሒን ፍርዲቤትን ዝተመጣጠነ ማእሰርቲ ዝግበረሉን

6. ሰራሕተኛታት ናይ ምድሓን ኣገልገልቲ

7. ተሓጋገዝቲ ናይ ቴክኒካዊ ደገፍ ትካል

8. ተሓጋገዝቲ ናይ ከቢድ ሓደጋ ምክልኻል

9. ሰራሕተኛታት ሕክምናዊ ትካላት: ክሊኒካት፣ ዓበይቲ ሕክምናታት ናይ ኣረጋውያን ዝእለዩሉ ትካላትን ኣብ ግዝያዊ መእለዩ ኣገልግሎት ምእላይን ዝሰላሰለሎም

10. ሰራሕተኛታት፣ ናይ ሕክምናዊን ናይ ምእላይን ማያ ስራሓትን፣ ብሕልፊ

- ኣለይቲ ኣረጋውያን

- ተሓጋገዝቲ ኣለይቲ ኣረጋውያን

- ናይ ሕክምናዊ ምድንዛዝ ኪኢላ ትሓጋገዝቲ

- ሓካይም

- ናይ መድሃኒት ቀረብ ዘሰላስሉ ክኢላታት ወይ ፋርማሲስት

- ኪኢላታት ደቀቕቲ ሕማም ዘኸትሉ ህዋሳት ካብ ጽፍሒታት ዘምክኑ

- ናይ ጥዕናን ዝሓመሙ ቆልዑ ኣለይቲን ወይ ናይ ቆልዑ ነርሳት

- መሕረስቲ ኣብ እንዳ መወልዳን

- ተሓጋገዝቲ ኣለይቲ ሑሙማት

- ኪኢላታት ሕክምናዊ ስራሓት

- ሕክምናዊ-ቴክኒካዊ ናይ ላባራቶሪ ተሓጋገዝቲ

- ሕክምናዊ-ቴክኒካዊ ናይ ራጇ ወይ ኣካላዊ መርመራ ብጨረር ተሓጋገዝቲ

- ሕክምናዊ-ቴክኒካዊ ተሓጋገዝቲ ናይ ወሸጣዊ ኩነታት ኣካላት ጥዕናን ግቡእ ስራሕ (ከም ጥዕና ልቢ፣ ሳንቡእ ዝኣመሰለ)    ኣካላት ተኸታተልትን

- ናይ ህጹጽ ወይ ቀዳማይ ረዲኤት ተሓጋገዝቲ ሓካይም

- ናይ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ቴክኒክ ተሓጋገዝቲ

- ናይ ሕክምናዊ ምእላይ ኪኢላታት

- ናይ ኣፋውስ-ቴክኒካዊ ተሓጋገዝቲ

- ናይ ሓደጋ ረዲኤት ተሓጋገዝቲ ብመሰረት ዓንቀጽ § 1 ናይ ሓደጋ ረዲኤት ተሓጋገዝቲ ሕጊ

- ናይ ስኒ ሓካይም

- ናይ ስኒ ሕክምና ቴክኒካዊ ኪኢላታት

- ናይ ስነ-ኣእምሮ ኣለይቲ ኪላታት

ናይ ቆልዑን መናእሰይን ናይ ስነ-ኣእምሮ ኣለይቲ ኪላታት

11. ክኢላታት ኣብ ትካል መዋእለ ቆልዕት ብመሰረት § 25 HKJGB

11a. ሰራሕተኛታት ብመሰረት ዓንቀጽ § 45 SGB VIII ናይ ስራሕ ከይዲ ፍቓድ ግዴታ (ክፋል-) ቀዋሚ ትካላት፣ ናይ መዓልቲ መእለዪ ቆልዑ ትካል ዘይኮነ

11b. ሰባት፣ ከም ቀንዲ ሞያ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ኣብ ናይ ስነ-ኣእምሮን ማሕበረሰባዊ ኩነትን ህጹጽ ረዲኤት ዝህቡ፣ ብሕልፊ ኣብ ናይ መንፈሳዊ ህጹጽ ረዲኤት ወይ ውን ኣብ ናይ ኩነታት ሸቐልቀል ሽነኻት፣ ዝተዳለወ ክኸውን ይግባእ፣ ከምኡውን ናይ ስራሕ ኣባላት ኣብ ምክልኻል ትካላት ንጹታዊ ፍሉይነት ዘድሃበ ዓመጽ ዘተኩረ። ብዝያዳ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ መዕቀቢ ወይ ሓፈሻዊ መዕቀቢ ገዛውቲ፣

11c. ሰባት፣ ድሕሪ ዝተረጋገጸ ካብ ናይ ጥንሲ ምቕባልን ዘይምቕባልን ትካል ምኽሪ ምውሳድ ነቲ ናይ ጥንሲ ምቕባልን ዘይምቕባልን ሕጊ ኣብ ግብሪ ዝቱርጉሙ፣

11d. ሰራሕተኛታት ናይ ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዕላዊ ህዝባዊ ሓላፍነት ተሰከምቲ ናይ ቀልዑን መናእሰይን ዝህቡ፣

12. ሰባት፣ ብቐጥታ ኣብ ናይ ምኽፋል ናይ ገንዘብ ደገፋት ብመሰረት ማሕበርሰባዊ ሕጊታት SGB II፣ SGB III፣ SGB XII፣ ናይ ዑቕባ ሓተትቲ ሕግን ዘገልግሉ

13. ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተፈላለዩ ሸነኻትን ቅርንጫፋትን ብመሰረት መምርሒታት ሕጊ (VO) ንውሳኔ ምሕላፍ ስራሓት ተነቓፊ ትሕተ-ቅርጻታት ምስ ፍልይ ዝበለ ምስክር ፍቓድ ወረቐት፣ እቲ ዝግበር ናይ ግድን ኣድላዪ ምዃኑ ዝገልጽ፣ ከም ናኣብነት ሰራሕተኛታት ንመግቢ ዘገልግል ቀረብ ዝህቡ፣ ናይ ሕርሻ ኣፍረይቲን ኣሰናደውቲን፣ ነዚ ዘገኣልግሉ ትካላት መጓዓዝያን መአከቢ ናይ ንመግቢ ዝኾኑ ነገራትን፣

14. ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ ጉሓፍ ምጣነሃብታውነት ዝነጥፉ ምስ ፍልይ ዝበለ ምስክር ፍቓድ ወረቐት፣ ኣብ ሳራሕ ምንጣፍ ናይ ቀልዑ ምዕባይ ሓላፍነት ዝተሰከሙ ኣብ ዘለዉዎ ናይ ስራሕ ቦታ ንስራሕ ናይ ትሕተ-ቅርጻ ከይዛናበል ኣገዳስን ኣድላይን ኮይኑ ምስዝርከብ፣

15. ቀንዲ ናይ ሞያ ሰራሕተኛታት ናይ ዜና፣ ራድዮ፣ ቴለቪዥን ከምኡ ውን ቴለመዲያ (ምስ መሰነይታ ምስክርነት ካብ ወሃብ ስራሕ፣ እቲ ዕማም ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ሕመረት ናይ ዕዮ ስራሓት ንኸይዛናበል ዘመልከት ኣድላዪ ኮይኑ ምስዝርከብ)፣

16. ወተሃደራት ከምኡ ውን ናይ ስራሕ ኣባላት ናይ ፈደራላዊ ምክልኻል ወይ ቡንደስቬር፣ መረጋገጺ ናይ ወታሃደራዊ ስራሓት ቅሩብነትን ቀጻሊ ናይ ወታሃደራዊ ስራሕ ኣገልግሎትን ኣድላዪ ምዃኑ ዘመልክት ክህሉ የድሊ፣

17. ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣማሓደርቲን፣ ናይ ምምሃርን ናይ ምእላይ ሓላፍነት ተሰከምቲን፣ ኣብ ናይ ቀጥታ ምስ ውዳቤታትን ምትግባርን ናይ ኣስተምህሮን ካልእ ትምህርተቤታዊ ምሕደራን ተጸሚዶም ዝርከቡ።

18. ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ በይኖም ወይ በይነን ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዝተሰከሙ ወይ ዝተሰከማ (ሰባት ምስ ሓደ ወይ ሓንቲ ወይካኣ ምስ ብዙሓት ትሕቲ ዕድመ ቀልዑ ብሓንሳብ ዝነብሩን በይኖም ወይ በይነን ኣብ ምእላይን ምዕባይን ቀልዑ ዝርከቡ ወይ ዝርከባ)

ሰብ ሞያ ኣብ መዋእለ ህጻናት ደቀም እንተድኣ ነቲ ናይ ሕማም ለበዳ ምክልኻል ቅድመ-ኩነት ኣማሊኦም ዝርከቡ ኮይኖም ምስ ወላዲኦም ኣብቲ መዋእለ ህጻናት ክእለዩ ይኽእሉ። እቲ ኣብ መዋእለ ህጻናት ናይ ምእላይ እገዳ ንቀልዑት ኣይምልከትን፣ ምዕሩይ ኣተኣላልያኦም ኣብ ገዛ ውሑስ ከምዘይኮነ ብዝመልከቶም ናይ መንእሰያቲ ተወከልቲ ወይ ዩገንድ ኣምት ዝፍለጥን ዝተረጋገጸን ምስዝኸውን። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ቀልዑ ኣብ መዋእለ ህጻናት ወይ መዋእለ ቀልዑ ክእለዩ ይኽእሉ።

እቲ ትካል ጭብጢ ናይ ኣባልነት ምስክር ብዛዕባ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሰባት ክሓትት ይኽእል። ኣብ ጸገማት ዝህልወሉ ኣብቲ ቦታ ዝርከብ መንግስታዊ ቤትጽሕፈት ክውስን ይኽእል።

Hessisches Ministerium
für Soziales und Integration

HESSEN

**ጥንቅቕ በሉ:** እዚ ኣብ ፍሉይኩነት ዝወሃብ ሓለፋታት ንደቅኹም ወይ ኣባልት ስድራቤትኩም ኣብ ሓደ ገዛ ዝነብሩ ኣየገልግልን፣ እንተድኣ:

- እንተድኣ ናይ ሕማም ምልክት ኣርእዮም
- ምስ ብሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ርክብ እንተድኣ ሃልይዎም ወይ ርክብ ምስ ብሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ድሕሪ መህላው ናይ 14 መዓልቲ ምሕያብ ወይ ውሽባ ዘይገበሩ ወይ ዘይወድኡ ምስዝኾኑ
- (እዚ ንቀልዑት ኣይምልከትን፣ ስድራ-ቤቶም ብምኽንያት ሞያዊ ስርሓት ኣብ ጥዕናዊ መዳያት ኣብ ክንክን ብሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ዝርከቡ ወይ ዝነጥፉ)
- ካብ ዕለት 10 ሚያዝያ 2020 ኣትሒዙ ብመሬት ብባሕሪ ወይ ብሰማይ ካብ ሓደ ሃገር ወጻኢ ናብ ፌደራል ሪፓብሊክ ጀርመን ዝኣተዉ ምስዝኾኑ
- ቅድም ኣብ ብሕማም ለበዳ መልከፍቲ ኣሰጋኢ ዝኾኑ ዞናታት ዝነበሩ ኣንተድኣ ኮይኖም፣ ቅድሚ 10 ሚያዝያ 2020 ብሮበርት-ኮኽ-ኢንስቲቱት ቅድሚ ምምላሶም ከም ናይ ብለበዳ ሕማም SARS-CoV-2- ቫይረስ ምልካፍ ኣሰጋእነት ዘለዎ ቦታ ዝተፈጠ ኔሩ እንተዳኣ ኾይኑ ወይ
- ኣብ ውሽጢ 14 መዓልቲታት ቅድሚ ኣሰጋእነት ሓደጋ ሕማም ለበዳ ዝተፈልጠሉ እዋን ኣብቲ ዞና ምንባር፣ ካብ መገሻ ምስዝምለሱ።
- እዚ ንናይ 14 መዓልቲታት ድሕሪ ምምላስ ካብ መገሻ የጠቓልል። ስድራቤት ወይ ወለዲ፣ ደቆም ንመእለዩ መዋእለ ህጻናት ወይ ውን መዓልታዊ ክንክን ቆልዑ ዝግበረሉ ቦታ ዝህቡ፣ እዚ ፍሉይ ፍቓድ ዘይግባኦም ክነሱ ወይ ውን ናይ ተላጋቢ ሕማም ምክልኻል መዐቀኒታት ዘየማልኡ ምስዝኾኑ ብሕጊ ወይ ቅጥዒ ምጥሓስ ይሕተቱ።